# ምዝንባዕ ገለጻ ታሪኽ ዕላምኡ ግህዶ ኮይኑ

ብ ኑራ ሑሴን

## ራብዓይ ክፋል

ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ክፋላት ነዚ ሎሚ እዉን (ብሩህ) ኮይኑ ሰሎ ዕላማ መራሕቲ ህግዲፍ፡ ገለ ኣንፈት ንምእማት ነቲ ንሃገራዊ ናጽነትን ሓርነትን ዝቃለስ ዝነበረ ውድብ ንምምሓው ዘካይድዎ ዝነበሩ ውዲትን ምቱ'ኽታ'ኽን ብመጠኑ ተንኪፈ ነይረ። ቅድሚ ነቲ እንታዩ ግሁድ ኮይኑ ዘሎ ዝብል ነጥቢ ምእማተይ፡ ገለ ካብቲ ኣዕናዊ ምትኑ'ኻላት ብተወሳኺ ክትንክፍ ኣገዳሲ ይመስለኒ።

ኣብ መንጎ ጸላእን ኣብ መንጎናን ዝነበረ ኩነታት ብ'ኽምዚ እናተ'ኻየደ እንከሎ፡ መሪሕነት ግንባር ድማ ኣብ ዘዝጥዕሞም ቦታን ግዜን ናይ ሕድሕድ ውግእ ካብ ምውላዕን፡ ኣብ ገለ ኣዕሊብካ ብምጽናሕ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ ህዝባዊ ስርዒትን ዕሳባትን... ናይ ም'ቕንጻል ስጉምቲ ካብ ምውሳድን፡ ኣብ ጀብሃ ትቆጻጸሮ ቦታታት ብምስኳኽ ዓይኒ-ዓይኒ ዝኾኑ ምሩጻት ካድራት መጥቃዕቲ ካብ ምክያድን ዓዲ ኣይውዓሉን። እዚ ካብ ሃገራውን ሓላፍነታውን ሕልና ኣዝዩ ዝራሓቐ ስርሒት ኣብ ልዕሊኦም ዝተፈጸመ ገለ ብቐረባ ካብ ዝፈልጦም ሰውኣት ንኣብነት፡

- ብ 1977 ሰዉእ ኩብሮም ምስ ብጻዩ ኣብ ማይ ዕዳጋ
- ብ 1977 ሰዉእ ናስር ክያር ሻውዓይ ርእሱ፡ ማይ ክሰትዩ ናብ ከባቢ ዒላ እናመጹ ከለዉ ኣብ ሰምሃር
- ብ1978 ሰዉእ መዘንግዕ ተ'ኽላይ ምስ ብጾቱ ኣብ ጽልማ
- ብ 1980-81 ሰውእቲ ቅጭን ዝነበረቶም ጉጅል ኣብ ከባቢ ደምበዛን ሓማሴን ኣብ ኣኼባ ከለዉ
- ብ 1980-81 ሰውእ መንግስትኣብ ማትዮስ ምስ ብጾቱ እናተጓዕዙ ከለዉ ኣብ ደርሰነይ ዓንሰባ ...ወዘተ.. ወዘተ..ክጥቀስ ይከኣል።

እዚ እናሓለፍካን እናተጻነትካን ዝግበር ዝነበረ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ርእስ'ቲ፡ ካብ ሓይልታት ንላዕሊ ዝካየድ ዝነበረ ውግኣት ክኸውን ከሎ፡ እቲ ብዓቢኡን ንምሉእ ህዝብና ዘሰምበረን ሚዛኑ ኣውሪዱ ክብሩ ዘግሃሰ ውዲታዊ ውግእ ግን፡ እቲ ንወያነ ዓዲምካ ኣብ ልዕሊ ጀበሃ ዝተ'ኻየደ ኣረሜናዊ ውግእ'ዩ። እዚ ውዲታዊ ኣገባብ መጥቃዕቲ'ዚ፡ ገና ኣብዚ ከብቅዕ'ወን ኣይከኣለን። እኳ-ደኣ ብዝያዳ፡ ተ.ሓ.ኤ ዳግም ነብሳ ስሪዓን ተሓዲሳን ናብ ባህርያዊ ቦትኣ ን'ኽይትምለስ ኣብ ወኸጢ ሱዳን ብዙሓት ሙሩጻት መራሕትን ካደራትን ከምዝ'ቕተሉን ዝጭወዩን ተገየሩ። ንተሓኤ ብዝያዳ ንምምህማን፡ ዝኾነ ይኹን ዋጋ ክኽፈሎ ዘለዎ ቀንዲ ውጥን ግንባር ስለ ዝኾነ ድማ፡ በቲ እዋን መንግስቲ ሱዳን ንተሓኤ ከጥቕዑሉ ከሎ፡ ብመንጽሩ ክኣ ውዕለቱ ክኸፍል ናይ ግድን ብምዃኑ መጠን፡ ነቲ ንመሰሉ ዝቃለስ ዝነበረ ሰውራ ደቡብ ሱዳን ንምጥቃዕ፡ መሪሕነት ግንባር ሰራዊቱ ናብ ደቡብ ሱዳን ለኣ'ኸ። ጀብሃ ንምጥፋእ ዝዓለመ ውዲታዊ መደባቱ ከተግብር፡ ተጋደልቲ ደቂ ህዝብና ኣብ ደቡብ ሱዳን ኣብ ዘይመልከቶም ኲናት ብምድ'ቕዳ'ቕ ተ'ኻዕዮም ተረፉ። እዚ ገለ ካብቲ ብቐጻሊ ምስ ናይ ደገ ሓየሊ ተማሓዚ'ኻ፡ ንጀብሃ ንምጥቃዕ ዝግበር ዝነበረ ወዲታት ንምጥቃስ ክኸውን ከሎ፡ በቲ ካልእ ወገን ድማ ንገለ ገለ ው'ሽጣዊ ስንኩፍና ዘለዎም ተጋደልቲ እና ኣናደ'ኻ ብምሽማት ተሓኤ ብውሽጣ ተፋራ'ኺ'ሻ ከም ትሓቅቕ ንምግባር መሪሕነት ግንባር ጻዕርታቱ ቀጸለ።

እቲ ዘይተርፍ ዓወት ቃልሲ ህዝብና፡ ብዝተበጀወሉ ኣዝዩ ዝተዓጻጸፈ ክቡር ዋጋ ውዒሉ ሓዲሩ ተረጋጊጹ። ህዝቢ ኤርትራ ድማ ናጽነቱ ህያው ኮይኑ። እንተኾነ ግን፡ ብመንጽር'ዚ ኣብ ኤርትራ ተኸሲቱ ዘሎ ኩነት፡ ትርጉም ናጽነት ማለት፡ ነቶም ናይ ህዝቢ ናጽነት ዝዘምቱ ጓሓሉ ናጽነት ዝህብ ካብ ም'ኳን ሓሊፉ፡ ህዝቢ ዛጊት ካልእ መግለጺ ኣይረ'ኸበሉን።

ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ንቃልሱ ንምዝዛም ምርጫ (ሪፈረንደም) ኣካይዱ ብድምጺን ብወግዕን ንናጽነት ሃገሩ ሕጋዊ ዝገበረ መጠን፡ ኣብ ውሽጣዊ ፖሎቲካዊ ሂወት ሃገር ክጻወቶ ዝግባእ ወሳኒ እጃሙ ተኣጊዱ ይርከብ።

ጃንዳ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር፡ ሃገረ-ኤርትራ ናጻ ንምውጻእ ዝሰገረ፡ ማለት ህዝቢ ሓራ ወጺኡ ንጉዳዩ ብነጻ ምርጭኡ ንኽውስን ከምዘየፍቅድ፡ ነቶም ብዕሽሉ እንከሎ ዝገምገምዎን ዝኸሸሕዎንሲ ይትረፍ፡ ነቶም መሻርኽቱ ይኹኑ፡ ወይ ውን ነቶም እንተ ብጥቕሚ እንተ ድማ ብግርህና ብዘየገድስ፡ ዝስዕብዎን ዘገልግልዎን ዝነበሩን ዘለዉን ከይተረፈ ብዘየማትእ ነጺሩሎ። ይዋእ ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ ጸንቂቑ ናጽነቱ ኣረጋጊጹ ከብቕዕ ሓርነቱ ብደቁ ተመንዚዑ እንደገና ኣብ ስቓይን ምስትንታንን ተሸሚሙ ይርከብ። ነዚ ብዝምልከት ገለ ንኣብነት ዝኣክል ንምትቃስ፦

<u>ኣብ ፖሎቲካዊ ን ዲፕሎማስያዊ መዳይ</u>

ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ዝድለን ዝግባእን ማለት ብዘይ ተጽዕኖ ህግዲፍ ወይ ከኣ ካልእ ፖለቲካዊ ሓይሊ ብነጻ ድልየቱ ዝተፈላለየ ሕብረተ-ሰብኣዊ፡ ባህላዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ጂኦግራፊያውን ክውንነት ዝጸንበረ እሞ ከኣ ብነጻ ድልቶም ብናይ ሓባር ዕግበት ዝተነድፈን ዝጸደቐን ሕገ-መንግስቲ ኣጽዲቑ፡ ልዕለ ሕግነት ብዘየማትእ ኣረጋጊጹ፡ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ባይታን ሰረትን ገይሩ፡ ብሓደ ብዝተማልአ ማሓውር ማለት ብሓጋጊ፣ ፈራዲ፣ ፈጻሚ፣ ኣካላት ዝቖመ ሕጋዊ መንግስቲ ክምስርት ዕድል ተነፊግዎ ይርከብ። መላእ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይ ኣድልዎን ብማዕረን ዝግልገለሉ ሕግን ስርዓትን ክሃንጽ ኣይከኣለን።

ብዓቢኡ ድማ እተን ዝተፈላለየ ናይ ህዝቢ ፖሎቲካዊ ኣረኣእያታት ዝውክላ ውድባት፡ ሰልፍታት ወዘተ.. ይኹና ብድሕሪ ሕጂ ውድዕነት ክፈጥረን ዝኽእል ውዳቤታት ብዘየገድስ፡ ናብ ሃገር ንኸይኣትዋ ወይ ከይምስረታ ብምእጋድ፡ ህዝቢ ርእይቶታቱ ኣብ ዘዝዓግበሉ ውድብ ወይ ሰልፊ ጠሚሩ ወይ ካኣ ብምድንጋጽ ኣብ ፖሎቲካዊ መስርሕ ንኸይዋሳእ ተገብረ።

ስርዓት ህግድፍ፡ *ሃብትና ሰብኣዊ ዓቕምና* ኢሉ ክጭድር ብተደጋጋሚ ይስማዕ። ብኣረዳድኣ እዚ ስርዓት እዚ ሰብኣዊ ዓቕሚ ማለት ሰብኣዊ ጉልበት ማለቱ ምዃኑ ርዱእ እዩ። ምኽንያቱ እዚ ስርዓት ንሰብ ከም ሮፖት ክግልገለሉ ጥራይ ስለ ዝውጥን ክንየው እዚ ከማዕድው ኣይባህሪኡን። ብህዝቢ ዝቖመ ሕገ-መንግስቲ፡ ናይ ሕጊ ልዑልነት፡ ሰብኣዊ መሰል ምኽባር፡ ናይ መዝራብን ምጽሓፍን መሰል ምትግባር፡ ህልወና ኣብዝሓ ሰልፍታት ምፍቃድ...ወዘተ ብሸነኽ ስርዓት ኣስመራ ብዘይ ሕንከት ዘይመሰረታውን ዘይእዋናውን ወረውን ምቾታዊ ኢዩ ዘስምዕ ኣገላልጻዩ ዝወሃቦ። እቲ ሓቂ ግን ካብ መርገጽን አበሃህላን ስርዓት ኢሳያስ ኣዝዩ ፈንቲቱ ይርከብ። ምኽንያቱ እዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ነጥብታት ንሓንቲ ሃገር መሰረታዊ ትሕተ-ቅርጻ ንምምስራት ዘገልግላ መተካእታ ኣልቦ ናውቲ እየን። ነዘን ነጥብታት እዚን ብምትግባር ጥራይ ኢኻ መሰረታዊ ሃብቲ ሃገር ዝኾነ ወድ ሰብ ብምሉእ ዓቕምታቱ ብሰናይ ዕግበቱን ድርኺቱን ኣብ ጥቕሚ ሃገሩ፡ ሕብረተ-ሰቡን፡ ገዛእ ርእሱን፡ ከውዕሎ ዝኽእል። ብኣንጻሩ ከም ኣሰራርሓ ስርዓት ኣስመራ እንተኾይኑ ፍጡር ሰብ ከም ናውቲ ንመሰላቱ ብዓመጽ ጓዕጺጽካ፡ ክእለቱ ጉልበቱን ጥራይ ንምምዝማዝ ዝውጠን መደባት፡ ምስ ሙዕሩይ፡ ዘላቒ፡ ኣድማዕን ትሕተ-ቅርጻ ናይ ሓንቲ ሃገር ንምንጻፍ ዘድልዩ ቅድመ-ኩነት ዘይቃደው እዩ። መደባት ስርዓት ህግደፍ፡ ኤርትራ ዘቐደመ ዘይኮነስ፡ ቅድም ቀዳድም ፖለቲካዊ ስልጣን ህልውና ሓደ መላኺ ንቕድሚት ዝሰረዐ እዩ። መለኽቲ ቁጠባዊ መደባቶም ንጥቕምታቶም ብዘውሕስ ጥራይ ስለዝቕይስዎ ምሰቲ መሰረታዊ ንጥቕሚ ህዝብን ሃገርን ዝውዕል ቅየሳ ስለዝራጸም መደባቶም ብዓመጽ ጥራይ ከተግብርዎ ይህቅኑ። ነቲ ቁጠባዊ ትሕዝትኦም ንምርግጋጽ ዘቐደመ ምጣነ-ሃብታዊ ስርሒታትን ንጥፈታትን ብመቓልሕ ኣብቲ ካብ ህዝቢ ዝገበትዎ ዜናዊ ናውቲ ከም ተኣምርን መወዳድርቲ ዘይርከቦ ፍጻሜ ጌርካ ብተደጋጋሚ ሓንጎል ህዝቢ ምሕጻብ ከም ቀንዲ ፖለቲካዊ ተዋሳእነት ይጥቀምሉ። መላኺ ጃነዳ ሃገርና ናይዚ ኣብነት ህያው ምስክር እዩ።

ብዲፕሎማስያዊ መዳይ፡ ብሰንኪ'ቲ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቡን ጎሮባብቱን ዝወስዶ ዘሎ ኣዕናዊ ስጉመቲ፡ ኤርትራ ካብ ሕብረተሰብ ዓለም ክትንጸል ግድን ኮነ። ስርዓት ኣስመራ ምስ ጎረባብቲ ይኹን ዓለም ሕድሕዳዊ ጥቕምታትን ምክብባርን ዝሓለወ፡ ንቦታዊ ይኹን ኣህጉራዊ ርሑቕ

ዝጠመተ ርግአትን ሓበራዊ ጥቕሚ ሰረት ዝገበር መደብ (ፖሊሲ) ምሕንጻጽን ምትግባርን ኣይጉዳዮምን። እንታይ ደኣ ነታ ንስልጣኖም ብዘገልግል ቅይስ ጥራይ ዝነደፍዎ መደባት ንምትግባር ይጽዕቱ። ስለ ስኾነ ድማ ሳዕቤናቱ ኣብ ልዕሊ ህዝቦም ማዕሮ ክንደይ ሃሳዪ'ዩ ብዘየገድስ፡ ፈታውን ጸላእን ኣኣብ ሓጺር እዋን ምልወጥ ኣይሓንኩሉን። ከም ባህርያት ገበቲ ስርዓታት መጠን ጃንዳ ህግድፍ ትማሊ ደመኛ ዝሰረያም ሎሚ ክመሓዘዎም ምርኣይ ዘገርም ኣይኮነን። ብርግጽ ግን ጥቕሚ ህዝቢ ዘቐደመ ጉርብትና ከካይድ ዘይውዕሎ ዛዕባ እዩ።

<u>*ኢኮኖምያዊ መዳይ*</u>

እቲ ቀንዲ ሚንጪ ኢኮኖሚ ህዝቢ ኤርትራ መሬት'ዩ፡ ንሱ ድማ ብመንግስትን መሻርኽቲ ናይቲ ስርዓት ዝኾኑ ሃብታማትን ተመንዚዑ ይርከብ። ናይ ወፍሪ ትካልት ዝገብሩ ሽነኻት ኮነ ነጋዶ፡ ብዝተፈላለየ ሜላታት ኣፍ-ደገ ከምዝዕጸዎም ተገይሩ። ህግዲፍ ዘይቆጻጸረን ኢኮኖምያዊ ትካላት ክህልዋ ኣይፍቀድን።

እቶም ናይ ምስራሕ ዓቕሚ ዘለዎም ክፍሊ ሕ/ሰብና (መንእሰያት) ሰሪሖም መነባብሮኦም ንከየካይዱ፡ እታ እንኮ ዝውንና ሰብኣዊ ጉልበቶምን ክእለቶምን ተሃጊራ።

ብኻልእ ሸነኽ ሓደ ካብቲ ንመራሕቲ ጃንዳ ህ.ግ. ናይ ቀደም ናይ ሎሚ ህግዲፍ ጸብለልትነት ክዓትሩ ዘኽኣሎም ሮቛሒ፡ ቁጠባዊ ትሑዝተኦም ምኺኑ ብሩህዩ። እዚ ቁጠባዊ ዓቕሚ ገሊኡ ብዕላዊ ገሊኡ ድማ ብኣጸያፊ ወፍርታት ዝተጸፍጸፈ ምኺኑ ናይ ኣደባባይ ምስጢር ካብ ዝኸውን ነዊሕ እዋን ኮይኑሎ። ኣመጻጽእኡ ብዘየገድስ ነዚ ናይ ስልጣን ዕድመ ንምንዋሕ ሓደ ካብቲ ወሳኒ ዝኾነ ረቛሒ፡ ትሕዝቶ ቁጠባ ህግደፍ ንምድልጋል ጃንዳ ኢሳያስ ዘይፍሕርዎ ጉድጓድ ከምዘየለ ዉሁብዩ።

ብሓጺሩ ብሰንኪ ጉጉይ ምሕደራን ዝንቡዕ ቁጠባዊ ቅየሳን ህግዲፍ፡ ኢኮኖምያዊ ትሕዝቶ ሃገርና ኣብ ኣዚዩ ዘሰክፍ ጸፍዒ ተሳጢሑ ይርከብ።

ኣብ ሕበረተ-ሰብኣዊ መዳይ'ውን እንተኾነ፡ ስነ ጥዕናዊ ኩነታት ህዝበና ኣብ ኣዝዩ ዝኸፍአ ደረጃ ወዲቑ ምህላዉ፡ ንዝኾነ ድሃይ ህዝብን ሃገርን ዝከታተል ሰብ ክዉል ኣይኮነን። ናይ ገበርቲ ሰናይ ማሕበራት ካብ ሃገር ከም ዝስጎጋ ተገይሩ። ትምህርቲ ብዝምልከት'ውን ዩንቨርስቲ ተዓጽዩ፡ መጻኢ ዕድል መንእሰያትናን፡ ብጠቕላላ ደማ ናይ ህዝብና ቀጻሊ ሂወት ኣብ ጽልግልግታ በጺሑ። ስደተኛታት ኤርትራውያን ብጥርኑፍ ምንገዲ ናብ ሃገር ንኽምለሱ ዝነበሮም ትጽቢት ሃጉጉ። መንእሰያትና ካብቲ ኣጎልጉሎት ዝስሙ ዘመናዊ ባርነት ከምልጡ ኣብ ፈቖዶ ምድረበዳን ቀላያትን ይጠፍኡ ኣለዉ።

***ይቕጽል***